Umbrella Multicultural Health Co-op

**ክታበት ኮቪድ-19 ቅኑዕ መወክሲ ጽሑፍ**

**ጥሪ 11, 2021**

**<u>ሓፈሻዊ መግለጺ</u>**

- ክልተ ክታበት ኮቪድ-19 ብውድብ ጥዕና ካናዳ ተፈቒዱ ኣሎ፡ ንሳቶም ድማ ክታበት ፋይዘን (Pfizer ) ክታበት ሞዴርናን ( Moderna ) እዮም
- ክልቲኦም ዓይነታት ክታበት ብጽዑይ ኣገባብ ናይ ድሕንነቶም ተራእዮም ብውዱብ ጥዕና ካናዳ ተፈቒዶም ኣለዉ። ናይ ድሕነቶም፣ ውጺኢቶምን ከሙ'ውን ሂወት ሰባት ከድሕኑ ምኻኖም ተመርሚሮም ( ተፈቲኖም) እዮም
- እዚ ክታበት ነቶም ዝተኸትቡ ጥራሕ ዘይኮነ ዝከላኸል፡ እንኮላይ ንኣብ ጥቕኦም ዘለዉ ሰባት ውን ይከላኸል። ኣብ ማሕበረ ሰብ ከም መጠን ብዝሒ ሰብ ዝተኸተቡ፡ ቫይረስ ንኽላባዕ ከቢድ ይኸውን
- ክታበት ኮቪድ-19 ዝወስዱ ብቑዓት ዝኾኑ፡ ኩሎም ነበርቲ ብርቲሽ ኮሎምብያ ብነጻ እዩ ክኸውን
- ኣብ'ዚ እዋን ንዝተወሰኑ ጉጅለ ሰባት እዚ ክታበት ኣይክወስድዎን እዮም
- ዝርግሐ ክታበት ተወጢኑን ኣብ መንገዲ ውን ይርከብ። ቀዳሞት ክታበት ዝዋሃህቦም ጉጅለ ካብ ሕጂ ክሳብ መጋቢት ተወጢኑ ኣሎ። ንኹሉ ሓፋሽ ህዝቢ ድማ ቀዳሞት ጉጅለ ተዓዲሉም ምስ ወድኡ ክስዕብዎም እዮም።

**<u>ዝርዝራቱ፥</u>**

## 1- ክታበት ናይ ምክልኻል ዓቕሙ

- ንሓድሽ ዝመጽእ ነገር ሻቕሎትን ጥርጣረን ክስምዓና ንቡሩ እዩ
- እዚ ክታበት ካብ ሓደጋ ነጻ ምኻኑ ንምርግጋጽ ብውድብ ጥዕና ካናዳ ብቕቡል ዝኾነ መስርሓት ሓሊፉ እዩ
    - ብዝወሰኽ ገንዘብን ምትሕብባርን እዚ ክታበት ቀልጢፉ ንኽምዕብል ኣኽኢልዎ
    - ክታበት ኮቪድ-19 ኣብ ዝተፈላለዩ ክለ ዕድመ ዝርከቡ ሰባት ተመርሚሩ እዩ፣ እዞም ዝስዕቡ የጠቓልሉ፡ ዓቕመ ኣዳም ዝብጽሑ ኣብ ዝተፈላለየ ዕድመ ዘለዉ እንኮላይ ሽማግለታት፡ ፍሉጥ ወይ ርጉጽ ሕዱር ሕማም ዘለዎም ሰባትን ካብ ዝተፈላለዩ ዓሌታት ዝተኣከቡን እዮም። ሓንሳእ እቲ ክታበት ምስ ተጀመረ፡ ድሕንነቱን ውጽኢቱን ድማ ብቐጻሊ ምክትታል ይግበረሉ

## 2- ጎናዊ ሳዕቤናቱን ተጻራርነትን

- ገለ ሰባት ክታበት ድሕሪ ምውሳዶም ንሓጺር ግዜ ካብ ፈኩስ ክሳብ ማእከላይ ጎናዊ ሳዕቤናት ክጋጥሞም ይኽእል እዩ
  - ጎናዊ ሳዕቤናቱ እዚ ዝስዕብ የጠቓልል፥
    - ካብ ፍኹስ ዝበለ ክሳብ ማእከላይ ድኻምን ኣብ ገለ ገለ ድማ ቁሪ ቁሪ
    - ኣብ'ቲ ዝተወጋእናዮ ቦታ ቃንዛ ወይ ሕበጥ
    - ሕማም ርእሲ ወይ ቃንዛ መላግቦ

  - እዚ ኩሉ ጎናዊ ሳዕቤናት ድማ ልሙድ እዩ፡ ምስ ክታበት ኢንፍሉወንዛ ድሕሪ ምውሳድና ዝርአ ምልክታት ተመሳሰልነት ኣለዎ
- ምስ ዝኾነ ቀመማት ናይ ክታበት ቁጥዕ ኣካላት ዘስዕበሎም ሰባት ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ነዚ ክታበት ክወስድዎ ከም ዘይብሎም ይመኽሩ
  - እቶም ንኻልእ ዓይነት ክታበት፣ መድሃኒት ወይ መግቢ ቁጥዐ ኣካላት ዘስዕበሎም እንተኾይኑ ቅድሚ ምኽታቦም ምስ ኪኢላታት ክንክን ጥዕና ክዛራረቡ ይግባእ
- ህጻናት፡ ነብሰጾራትን ስርዓተ ምክልኻል ዓቕሞም ኣዝዩ ዝደኸመን
  - ካብ'ዘን ክልተ ዓይነታት ክታበት ንህጻናትን ነብሰጾራትን ክኽተቡ ኣየጽደቕን። ስለ'ዚ ኣብ'ዚ እዋን ነዚ ክታበት ክወስድዎ ኣይምረጽን
  - ሰባት ሕዱር ሕማም ዘለዎም፣ ኣብ ትሕቲ ሕክምናዊ ክንክን ዘለዉ ወይ መድሃኒት ዝወስዱን ንኮቪድ-19 ክታበት ክወስዶዎ ኣይምረጽን
  - ነዞም ኣብ'ዚ ጉጅለ ዘለዉ፡ ነዚ ክታበት ብምውሳድ ነቲ ሓደግነት ክጋድዶ ይኽእል እዩ።. ክታበት ኣብ ምኽታብ መታን ክንውስን ምስ ኪኢላታት ወሃብቲ ጥዕና ዝርርብ ንግበር

## 3- ምዝርጋሕ ክታበትን ዋግኡን

- ህዝባዊ ጥዕና ነቶም ቀዳምነት ክወስዱ ዝግብኦም ከመይ ጌሩ ከም ዝዋሃቦም ክሰርሑሉ እዮም። ብወገንኩም ዝግበር ምድላዋት ኣድላይ ኣይኮነን
  - ካብ ታሕሳስ 2020 ክሳብ ለካቲት 2021, ናይ መጀመርታ ጉጅለ ክኽተቡ እዮም፡ እዞም ዝስዕቡ የጠቓልሉ፡ ንነዊሕ ግዜ ኣብ ትሕቲ ክንክን መምበሪ ነበርቲ ዝኾኑን ሰራሕተኛታትን ወይ ኣብ መእለይ መንበሪ ዝነብሩ ተኣለይቲ፡ ቀዳሞት ተጻዋዕቲ ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና ከሙ'ውን ኣብ ርሑቕ (ግጠራት) ዝቕመጡ ሕብረተሰብ ደቂባ'ት።
  - ካብ ለካቲት ክሳብ መጋቢት፣ መደብ ክታበት ናብ ሽማግለታት (85+)፣ ሽማግለታት ደቂባ'ትን (65+) ዓበይትን ከሙ'ውን መንበሪ ገዛ ዘይብሎምን ወይ ኣብ ትሕቲ ናይ መንግስቲ መንበሪ ቤት ዝተዓቀቡ ( shelters), ዞባዊ ቤት

ማእሰርትታት፡ ኣብ ጉጅለ መንበሪ ገዛ ዝነብሩ ዓቕመ ኣዳምን ወይ ኣብ መእለይ ጥዕና ኣእምሮ ዝእለዩ፣ ኣብ ንነዊሕ ግዜ ዝእለዩ ሰባት ዝሰርሑ ተቐበልትን ኣባላትን፡ ኣባላት ሕክምና፡ ኣባላት ሓፈሻዊ ዶክተራት ፍሉያት ኪኢላታት ዶክተራትን ከሙ'ውን ናብ ካልኦት ሕብረተሰብ ደቂባ'ትን ክዝርጋሕ እዩ

- ነዚ ኲሉ ናይ ቀዳምነት ዝዋሃቦም ጉጅለታት ብምኽታል ፡ ኲሎም ነበርቲ ቢሲ ክኽተቡ ዝግብኦም ክታበት ክቕበሉ እዮም
  - ኲሉ ሰብ ክታበት ክወስዱ ዝግብኦም ክሳዕ መጨረሻ 2021 ክኽተቡ እዮም። ብወገንኩም ዝግበር ምድላዋት ኣድላይ ኣይኮነን
- ክታበት ኮቪድ-19 ክወስዱ ዝግብኦም ንኹሎም ብነጻ ክዕደሎም እዩ

**4- ክታበት ንዝወሰዱን ዘይወሰዱን ትእዛዛትን መምርሒታትን ናይ ኣውራጃዊ በዓል ስልጣን ጥዕና ንኹሉ ሰብ ከምዘለዎ ክጸንሕ እዩ፡**

- ስርዓተ ምክልኻል ዓቕምና ንኮቪድ-19 ከመይ ምላሽ ከም ዝህብን ከሙ'ውን ድሕሪ ክታበት ምውሳድና እቲ ናይ ምክልኻል ዓቕምና ንኽንደይ ክጸንሕ ከምዝኽእልን፡ ክሳብ ሕጂ ንመሃር ኢና ዘለና
- ዋላ'ካ ገለ ሰባት ኣብ ሓጺር ግዜ ክታበት ክወስዱ እንተኻኣሉ ፡ ብህዝባዊ ጥዕና ዝዋህበና ትእዛዝ ወይ መምርሒ ምኽታሉ ኣገዳሲ እዩ።
  - ብስሩዕ ኣእዳውና ንተሓጸብ
  - ኣካላውን ሓባራውን ምርሕሓቕ ነዘውትር
  - መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ንልበስ
  - ምስ ንሓምም ኣብ ገዛ ንጽናሕ

ሓበሬታ ኣብ'ዚ ሓቀኛ መወከሲ ጽሑፍ ሰፊሩ ዘሎ ካብ ቢሲሲዲሲን (BCCDC) ካብ ውዱብ ጥዕና ካናዳ ዌብሳይትን ዝተዳለወ እዩ። ብዛዕባ ኮቪድ-19 ዝርዝር ሓበሬታን ክታበትን ከሙ'ውን ወሃብቲ ክንክን ጥዕና ዝምልከት ካብ'ዚ ዘተኣማምን ምንጪ ክርከብ ይከኣል።

BCCDC: http://www.bccdc.ca/health-info/diseases-conditions/covid-19/covid-19-vaccine/covid-19-vaccination-at-a-glance

Health Canada: https://www.canada.ca/en/health-canada/services/drugs-health-products/covid19-industry/drugs-vaccines-treatments/vaccines.html